# ድዕምብቡ ኣትክልቲ

ድዕምብቡ ኣትክልቲ ማለት ዕምበባ ደለዎም ኣትክልቲ ማለት ኢዩ። ገሊኦም ኣትክልቲ ገዚፍ ዕምበባ ኣለዎም ካለኦት ከኣ ንእሽቶ ዕምበባ ኣለዎም።

## ገዘፍትን ነኣሽቱን ዕምበባታት

ኣብ ዓለም እቲ ድዓበየ ዕምበባ ራፈስያ ኣልሞዲ ይበሃል። እዚ ተኽሊ ልዕሊ ሓደ ሜትሮ ሰንጣቑት ክኸውን ይኽእል። ኣብ ኢንዶነዥያ ከኣ ይበቁል። እቶም ድነኣሱ ዕምበባታት ገለ ውሑድ ሚሊሜተራት ጥራይ ኢዩ ሰንጣቑቶም።

ደቂቕ ዕምበባ ርኢኹም’ዶ ትፈልጡ? ብቑንቋ ኣዴኹም ወይ ብቋንቋ ኖርወይ እንታይ ይበሃል?



*Rafflesia arnoldii, Foto; Antoine Hubert, Flickr*

## ሓደ ዓመት፣ ክልተዓመትን ልዕሊኡን ዕድመ ደለዎም ኣትክልቲ

ድተፈላለዩ ድዕምብቡ ኣትክልቲ ንሓደ፣ ክልተ ዓመት ወይ ንብዙሕ ዓመታት ክነብሩ ይኽእሉ።

### ሓደ ዓመት ድጸንሕ ተኽሊ

ተኽሊ አርተ ንሓደ ዓመት ጥራይ ትነብር። እታ ዘርኢ ኣብ ጽድያ ኢያ ትበቁል። ኣብ ክረምቲ ከኣ ዓምቢባ ፍረ ተፍሪ። ኣብ ቀውዒ እቲ ፍረ ምስ በሰለ እታ ተኽሊ ትመውት።

ኣብቲ ድቕጽል ጽድያ ድማ እተን ፍረ ይቦቕላ እሞ ሓደስቲ ኣትክልቲ ይኾና። እዘን አርተ ድበሃላ  ናይ ሓደ ዓመት ኣትክልቲ ኢልና ንጽውዐን።




*Sukkererter*

ዳርጋ ን8000 ዝኣክል ዓመታት ኣልሚያሞ። ሽኮር አርተ ካብ ምዕራብ ኤስያ ይመጽእ።

## ክልተ ዓመት ድጸንሕ ተኽሊ

ካሮቲ ንክልተ ዓመት ይነብር፣ ክልተ ዓመት ድጸንሕ ኣትክልቲ ድማ ኢዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት አታ ዘርኢ ትቦቁል ከምኡውን ቀጠልያ ኣቑጽልቲ ይዓብዩ። እቶም ቀጠልያ ኣቑጽልቲ ነቲ ሱር መግቢ የዳልዉ። እቲ ሱር ከኣ ክሳብ ድቕጽል ክረምቲ ኣብ ውሽጢ መሬት ይነብር።
ድቕጽል ክረምቲ ይዕምብብ እሞ ፍረ ይገብር። እቲ ፍረ ምስ በሰለ ከኣ እታ ተኽሊ ትመውት። እንደገና ጽድያ ምስ ኮነ እታ ዘርኢ ትቦቁል እሞ ሓዲሽ ተኽሊ ካሮቲ ይዓቢ።

ካሮቲ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ኢዩ ድመጽእ። ዓረባውያን ቅድሚ ዳርጋ 1000 ዓመት ኣቢሎም ናብ ኤውሮጳ




*Gulrotblomst Foto: Pxfuel.com* *Gulrøtter Foto: Pxhere.com*

ኣተኣታትዮሞ።

## ብዙሕ ዓመታት ድጸንሕ ተኽሊ

ሎቨታን ንብዙሕ ዓመታት ድጸንሕ ተኽሊ ኢዩ። ኣብ ግዜ ቀውዒ እቲ ቀጠልያ ቆጽሊ ይጽምሉ እሞ ይረግፍ፣ እቲ ሱሩ ግን ኣብ ትሕቲ መሬት ይጸንሕ። ኣብ ድቕጽል ጽድያ ድማ ቆጽልን ዕምበባን የውጽእ።



*Løvetann Foto: Maxpixel.net*

ሎቨታን ካብ ኤውሮጳን ምዕራብ ኤስያን ኢዩ መጽዩ። ግን ናብ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ዓለም ኣስፋሕፊሑ ይርከብ።

ካልእ ብዙሓት ንብዙሕ ዓመታት ድነብሩ ኣትክልቲ ይርከቡ። እዞም ንብዙሕ ዓመታት ድነብሩ ኣትክልቲ ንሓጋይ ድሳገርሉ ድተፈላለየ ሜላታት ኣለዎም።



*Tulipaner Foto: Pixabay*

ቱሊፓን ድበሃል ዕምበባ መግቢ ኣብ ሽጉርቲ ይኽዝን። እታ ሽጉርቲ ንሓጋይ ትሳገሮ። ጽድያ ክመጽእ ከሎ ድማ ቆጽልን ዕምበባን ተውጽእ።

ቱሊፓን ድበሃል ስም ካብ ቱርባን ድበሃል ናይ ፐርሽያ ቃል ድመጸ ኢዩ ኢልና ንኣምን።

እትክልቲ ሎሽ ኣብ ግዜ ሓጋይ ኣቑጽልቶም የርግፉ። እዚ ድገብሩሉ ምኽንያት ከኣ ኣቑጽልቲ ማይ ስለዘድልዮም፣ ኣብ ግዜ ሓጋይ ከኣ እቲ ኣብ መሬት ደሎ ማይ ኩሉ ግዜ ዝሒሉ ናብ በረድ ስለድቕየር ኢዩ። ኣትክልቲ ብዙሕ ኣቑጽልቲ እንተዘይብሎም፣ ብዙሕ ማይ ኣየድልዮምን ኢዩ ክሳብ እቲ በረድ ድመክኽ ከኣ ብኽምዚ ይነብሩ። ብድሕሪኡ ሓድሽ



*Bjørkeblomst Foto: pxhere.com*



*Høstløv fra bjørk Foto: Pixabay.com*



*Bjørk om vinteren Foto: Pixabay.com*

ቆጽሊ፣ ዕምበባን ፍረን ይገብሩ።

## ዕምበባታት መሮር

ኣብ መሮር ቦቑሎም ድዓብዩ ድዕምብቡ ኣትክልቲ፣ ዕምበባታት መሮር ኢልና ንጽውዖም። ዕምበባታት መሮር ቀልጢፍና ካብ መጀመርያ ጽድያ ኣትሒዝና ክንሪኦም ንኽእል። ኣብ ቀውዒ’ውን ድረኣዩ ዕምበባታት መሮር ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም። ብዙሓት ድተፈላለዩ ዓሌታት ዕምበባታት መሮር ኣለዉ። ብዙሓት ዓሌታት ዕምበባ ኣብ ወሰን መንገዲ ንረኽቦም። ኣብ ታሕቲ ገለ ካብ ኣብ ኖርዌይ ድቦቑሉ ዕምበባታት መሮር ንዕዘብ።



***Tistel*** ***Pixabay***



***Rødknapp*** ***Pixabay***



***Hestehov*** ***Pixabay***



***Løvetann*** ***Pixabay***



***Blåknapp*** ***Pixabay***



***Blåveis*** ***Pixabay***



***Blåklokke*** *Pixabay*



***Rødkløver*** *Pixabay*



***Tiriltunge*** *Pixabay*



***Prestekrage*** *Pixabay*



***Ryllik*** *Pixabay*



***Hvitveis*** *Pixabay*